# ስደተኛ ታት ደቂ ኣንስትዮ



ዲጂታላዊ ምብቃ
ምትእስሳር ፕሮጀ

## ክፍሊ 3 – ዲጂታል ድሕነነት

BritishRedCross
Home Office
The power of kindness

# እንቋዕ ደሓን መጻእኹም!

**ሎሚ እንገብሮ:**

- ኣገደስቲ ናይ ዲጂታል ድሕነትን ናይ ኢንተርኔት ድሕነት ምኽርታትን ክንመያየጥ ኢና
- ኦንላይን ሓደጋ ዓይነታት ምንጻር ክንመያየጥ ኢና
- ናይ ኦንላይን ድሕነት ደረጃታት ደረጃታት ምስ ናይ ማሕበራዊ ሚድያን ሓቀኛ ህይወት ሓድሕዳዊ ርክባት ከመይ ከምዝዛመድን ክንመያየጥ ኢና



# ዝትግበሩ ሕግታት

- ምሸጥር ምዕቃብ
- ውሑስ ቦታ
- ናይ ቴሌፎናት ድምጺ ምጥፋእ
- ምክብባር
- ነቓፊ ዘይምኳን
- ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ጊዜ ምዝራብ
- ኣብ እትዛረበሉ እዋን እቲ Zoom ምጥፋእ
- **ክድገም እትደልዮ ነገር ምስዝህሉ ሕተት!**

- ዘይምፍለጥ ጸገም የብሉን




ዲጂታተዊ ድሕነት
እንታይ ማለት እዩ?
ስለምንታይ ኣገዳሲ ኮይኑ?

# ጠንካራ መሕለፊ ቃል ምህላው

- መሕለፊቃላትካ/ኪ ንካልእ ሰብ ከይግመቱ ምእንታ ኣጸገምቲ ግበርዮም
- መሕለፊ ቃላትካ በብእዋኑ ምቕያር
- ንኩሉ ኣካውንት ተመሳሳሊ መሕለፊቃል ዘይምጥቃም
- ምናልባት መሕለፊ ቃልኪ ኣብ እትርስዕዮ ኣዋን እትጥቀምሉ ናይ ድሕነት ሕቶ ምድላው
- Tጠንካራ መሕለፊ ቃል ንምግባር ሰለስተ ሃንደበታዊ ቃላት ምምራጽ፤ እዚኣቶም ብሓባር ጌርካ ቁጽርታት ምውሳኽ፣ ካፒታል ፊደላትን ከም Cat!PotatoS0fa7ዝበሉ ምልክታትን ምውሳኽ



See Metropolitan Police (2017) #threerandomwords https://www.youtube.com/watch?v=3aY_EPgi0VU



# መሰርሕታትኪ ካብ ቫይረስ ምሕላው

- ቫይረስ ዝኣተዎም ኮምፒዩተራት፣ ቴሌፎናትን ካልኦት መሰርሕታትን ብዙሕ ጉድኣት ይበጽሖም።

- ጸረ-ቫይረስ ሶፍትዌር ቫይረሳት ንምክልኻል ንምፍላጥን ንምውጋድን ዝሕግዝ ናይ ኮምፒዩተር ፕሮግራም እዩ።

- ላፕቶብኪ ን12 ኣዋርሕ ናይ ዊንደውስ ተኸላኸሊ ጸረ-ቫይረስ(Windows Defender Anitvirus) ኣለዎ። ድሕሪ እዚ ላፕቶፕካ ናይ ሶፍትዌር መከላኸሊ ናይ ምግባር ሓላፍነት ናትኩም እዩ።

- ጸረ-ቫይረስ ሶፍትዌር ኩሉ ጊዜ ክሕደስ ኣለዎ።

The power of kindness

# ልሙዳት ናይ ኦንላይን

| መታለሊ ኢመይል | ምትላል | ሽርሒ ዘለዎ ሶፍትዌር – ‘ማልዌ’ |
|---|---|---|
| - **ኩሉ ጊዜ ንስኺ ሊንክ ክትከፍቲ ከእመነኪ ዝፍትን ናይ ኢመይል ወይ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ**<br>- ሓንሳእ ክትጥውቕዮ እንከለኺ ናብ ኮምፒዩተርኪ ቫይረስ ክኣትው ይገብር ፣ ወይ መሕለፊ ቃልክን ነናይ ውልቀ ሓበሬታን ይውስድ።<br>- ከም ሊንክ ክፈት፣ ዝርዝራት ሃብ ወይ ኣብቲ ዝተጸዓነ ጠውወ ዝብሉ ‘ስጉምቲ ውሰድ’ ዝብሉ ኣበሃህላ ክጥቀም ይኽእል። | - ከም **ናይ ውልቀ ዳታ ዝበሉ ሓበሬታታት ንክትህብ ዘዕሽው** መልእኽታት;<br>- እቶም መልእኽታት ሓቀኛ ዝመስሉ ኮይኖም ካብ ባንኪ ወይ ካልእ ዝእመን ምንጪ ዝመጽኡ ይመስሉ<br>- መሕለፊ ቃልካ ዳግም ክተእቱ ትሕተት፤ ናይ ልደት ዕለት ክተረጋግጽ ወይ ክረዲት ካርዲ ቁጽሪ ክተራገግጽ ክትደሊ ትኽውን<br>- ሓንሳእ ናይ ውልቀ ሓበሬታኻ ምስወሰዱ፣ ገበነኛታት ከም ናይ ማንነት ምስራቕን ምትላል ባንክን ዝበሉ ናይ ምትላል ገበናት ፍጽሙ | - ኣብ መሳርሕታ ጉድኣት ንመብጻህ ብዝኾነ ሰብ ዝስራሕ ሶፍትዌር<br>- ሓልሓሊፉ ኣብ መሳርሒኻ ዝተኣከበ ሓበሬታ ወይ ዳታ ብምእካብ ይሕልፍ<br>- ከምኡእውን ራንሰምዌር፣ ቫይረስስ፣ ትሮጃን፣ ሆርስስ፣ ሰፓይዌር፣ ኣድዌር፣ ስካርዌርን ክራይምዌርን ተባሂሎም ይፍለጡ። |

# ዘዕሽዉን ዘታልሉን ኢመይላት ምፍላይ

- እቲ ልኣኺ ትፈልጥዮ ዶ? ብሓፈሻዊ ሰላምታ ዶ ጀሚሮም?
- ናይ ፊደል ስሕተት ዘለዎምን ድኹም ኣጸሕፋ ቅዲ ዘለዎን ድዮም?
- ገለ ነገር ክትገበር ዮዶ ይደልዩ ወይ ናይ ህጹጽነት ትሕዝቶ ኣለዎ ዶ ወይ ዘፈራረሐካ ዓይነት ድዩ?
- ሓቂ ናይ ምኻን ዕድል ኣለዎ ዶ?
- እቲ መልእኽቲ ዝተልኣኸሉ ኣድራሻ ክፈቶ ። ትኽክለና ናይ ዶመይን ስም ኣለዎ ዶ?
- ካብ ዘይትጽበዮን ርክብ ካብ ዘይብልካ ኩባንያ ዝመጽአ ድዩ?
- ናብ ካልእ መርበብ ሓበሬታ ወሲድዎ ዶ?

The power of kindness

# ውሑሳት መርበብ ሓበሬታትት

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ‘Pop-ups’ ዝብል ሓቀኛ ኣይኮነን።







እቲ መርበብ ሓበሬታ ውሑስ ከምዝኾነ ንምፍላጥ ናይ ፓድሎክ ምልክትን/ወይ https ርአ

The power of kindness

# ውሑስ ዳህሳስ




The power of kindness

# ናይ ዳህሳስ ኣለሻ ታሪኽ ምውጋድ




The power of kindness

# ሰባት ኣብ ኦንላይን ምርኻብ



- ብሕታዊ ነት ድሕነት ንማሕበራዊ ሚድያ
- ትሕዝቶ ማሕበራዊ ሚድያ ኣብ መድለይ ኢንድጀናት

The power of kindness

**ፍቕራዊ ምትላል**

- ናይ ሓድሓዳዊ ርክብ ክጠናኸር ድሕሪ ምጋበር እምነት ምስማዕበለ ገንዘብ ወይ ናይ ውልቀ ሓበሬታን ምሕታት።
- እቲ ምምዕባል እመነትን ስምዒታዊ ርክብን ሓገዝ፤ ብዙሕ ጊዜ ገንዘብ ንምሕታት ምጥቃም፤ ግና ጥቑልል ወይ ቀረብ ምሕታት ይኸውን።

**ብሳይበር ምዕሻው**

- ብኦንላይን ብቴክኖሎጂ ተሓጊዝካ ምዕሻው
- መብዛሕትኡ እዋን መዕሸውቲ ከም ፌስቡክ ወይ ትዊተር ወይ መልእኽታት ወይ ኢንተርኣክቲቭ ፎረማት ዝበሉ ማሕበራዊ መራኸብታት ይጥቀሙ
- ንዓበይትን ህጻናት ክጎድእ ይኽእል።

**ምምርዓው**

- መብዛሕትኡ እዋን ጾታዊ ጥቕዓት ንምብጻሕ ዝዓለመ ምብዛባዝን ንምቁጽጻርን ዘኽእል ርክባዊ እምነትን ዝምድናን ምምስራት።
- <u>ንኣናእሽቱ ሰባትን ህጻናትን ብኦንላይን ምምርዓው ናይ ህጻን ጥቕዓት እዩ።</u>

**ጾታውን ናይ ፖርረን ሕነን**

- ናይ ካልእ ሰብ ናይ ብሕቲ፣ ጾታዊ ኣቑሑታት ብፎቶ ይኹን ብቪድዮ ነቲ ሰብ እንከይፍቀድካን ማህሰይቲን ጸገም ንምስዓብ ኢልካ ምፍናው።
- <u>ናይ ኣናእሽቲ ምስልታት ምልጣፍ ናይ ህጻናት ጥቕዓት እዩ።</u>

**ሳይበራዊ መጥቃዕተን ምክትታልን**

- ናይ ሳይበር ማለት ንካልእ ሰብ ፍርሓትን ምርባሽን ዘስዕብ ባህርይ እዩ።
- ይበራዊ ምድህሳስ ማለት ኣብቲ ግዳይ ዝለኣለ ማህሰይቲ ዘብጽህ ተግባር ገበን እዩ።ሰ

**ናይ ገዛ መጥቃዕቲ**

- ብመጻምዲ፣ ናይ ሕሉፍ መጻምዲ፣ ኣባል ስድራ ወይ ሓብሓቢ ሳይኮሎጂካዊ፣ ኣካላዊም ኣእምራዊ ወይ ፋይናንሳዊ ጥቕዓት ምፍጻም
- ጥቕኣት ኢንተርኔት ወይ ኢንተርኔት ዝጥቀሙ መሳርሕታት ተሓጊዝካ ምርኣይን ምቁጽጻርን እዩ።

# ርክባት ኦንላይን

The power of kindness

ዛህራ ብጣዕሚ እትቐርባ ጓል ሓፍትኖ ኣላታ። እታ ጓል ሓፍትናኣ ብሓንሳእ ኮይናን ቴሌፎና ክትርኢ እንከላ ኣዝያ ትናደድ፣ ትሓርቕን ትቑጣዕን እያ። ኣብ መወዳእታ ብዝግባእ ከምዘይትድቅስን በቲ ናይ ቀደም ስብኣይ ኣዝያ ከምእትሻቐልን ተዛሪባታ። መሕረቚት ሰበይትን ኣዶን ከምዝኾነት ንክልቲኡ ስድራ ከምዘሕፈርትን ተመሊሳ ምስኡ ክትነብር ከምዘለዋን ዝገልጽ መልእኽታት ብኢመሌል ኩሉ ጊዜ ይሰደላ። እታ ጓል ሓፍትናኣ ንዛህራ እዚ እናዘንተወት ብጣዕሚ ትጨነቕ።

ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ናይ ቀደም በዓል ገዝኡ ቅድሚ ሕጂ ርክብ እናሀለዎም ዝተሳኣለቶ ጥራሕ ዝበና ዘርኢ ፎቶ ኣለዎ። ናብኡ ዘይትምለስ እንተድኣኮይና እቲ ጥራሕ ዝባና ዘርኢ ፎቶ ንስድራኣ ከምዝሰደሎም የፈራርሓ።

The power of kindness

# ዲጂታላዊ ድሕነት ምምዕባል

ዲጂታላዊ መሳርሕታት እንታይ እዮም?

እንታይ ዓይነት ማሕበራዊ ሚድያ ትጥቀም?

መሳርሒኻ እንታይ ይኸውን?

The power of kindness

ድምጺ ምቅዳሕ

ቪድዮ ምቅዳሕ




ድምጺ ምቁጽጻር

ዳታ ምእካብ

ሓበራዊ ኣድራሻታት

ሪሞት መቆጻጸሪ

ብማሽን ምምሃር

ናይ ቦታ መፍለይ

The power of kindness

ማሕበራዊ ሚድያ

# ዲጂታላዊ ድሕነት ምምዕባል

| | |
|---|---|
| ዳህሳስ | ብዛዕባኻ ኣብ ፌስቡክን ትዊተርን ዘሎ ኦንላይን ሓበሬታ ምድህሳስ |
| ምልዋጥ | ቁልፊ ናይ ኦንላይን ኣድራሻታት ኢመይልን ፓስዋርድን ምልዋጥ |
| ምስራዝ | እቶም ሕጂ ዘለው መጠናት ብፍላይ ዓብይ መጠን ሓበሬታ ወይ ምስልታት እንተድኣኣለዎም ምስራዝ። |
| ምክላስ | ኩሉም ናይ ብሕታውነትን ድሕነትን ቅንብራት ምክላስ |
| ምውጋድ | ምውጋድ ህስባዊ ፎረማት |
| ምግዳብ | ሓበራዊ እትገብሮ ነገር ምግዳብ |
| ምስራዝ | ኣብ ክሮም፣ ፋይርፎክስ፣ ኢንተርኔት ኤክስፕሎረርን ሳፋሪን ዘሎ ታሪኽኪ ምስራዝ ትኽእሊ። |
| ምትዕርራይ | ባዕልኺ ጥራሕ ንክጥቀምሉ ንኮምፒዩተርኪ ወይ ሞባይልኪ መሕለፊ ቃል ወይ PIN ክተዳለዊ ትኽእሊ። |
| ኢመይል | ኢመይል: ብካልእ ሰብ ዘይግመት መሕለፊ ቃል ንኢመይልኪ ምድላው ኣገዳሲእ አዩ። |

# መጠቓለሊ

ሎሚዓንቲ

- ናይ ዲጂታል ድሕነት መሰረታዊ ምኽርታት ተመያይጥና
- ገለ ልሙዳት  ናይ ኦንላይን ሓደጋታት ኣብነትን ከመይ ከምዝፍለጡን  ርኢና
- ኦንላይን ብሕታውነትክን ዲጂታላዊ ድሕነትክን ንምርኣይን ንምምዕባልን ዘኽእሉ ምኽርታት ርኢና።

**|ኣገደሲ ነገር  ዲጂተላዊ ድሕነት ብዛዕባ  ናይ ኦንላይን <u>ግንዛበ</u> እዩ።**



The power
of kindness

# ቁልፊ ቃላት

**መሳርሒ** – ምስ ኢንተርኔት ዘራኽብ ኤሌክትሮኒክ መሳርሒ እዩ።

**ዲጂተላዊ ግንዛበ**– ኢንተርኔትን ምስ ኢንተረንት ዝራኸቡ መሳርሕታት ኣብ ምጥቃም ዘለው ሓደጋታትን ጥቕምታትን ዝምለከት ፍልጠት ምምዕባል

**ዲጂታላዊ ድሕነት** – ኢንተርኔት ክትጥቀም እንከለኻ ንገዛእ ርእስኻ፣ ካልኦትን ናይ ውልቀ ሓበሬታኻን ውሑስ ክኸውን ዘኽእሉ ተግባራትን ልምድን

**ኦንላይን ምጥቃዕ** – ብኢንተርኔት ኣልካ ኣብ ካልእ ሰብ ጭካነን ጉድኣትን ምብጻሕ

**ናይ ኦንላን ሓደጋ**– ንኢንተርኔተ ተጠቒምካ ዘይተደየ ኩነት ወይ ስጉምቲ ዘስዕብ ሓደጋ ወይ ጸገም

**መሕለፊ ቃል** - ናይ ኮምዩተር ስርዓትክን ወይ ኣገልግሎት ንምርካብ ዘኽእሉ ምሽጥራዊ ምልክታት

**ናይ ብሕታውነት ቅንብር** – ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ኣየናይ ከምዝኽፈትን ከምዝግደብን ይቆጻጸር

**ማሕበራዊ ሚድያ** – ሰባት ብኢንተርኔት ኮምፒዩተር ወይ ሞባይል ተጠቒሞም ሓበሬታ ዝለዋወጥጥሞም መርበብ ሓበሬታታትን ናይ ኮምፒዩተር መደባትን እዮም

The power of kindness